
# ብኽብረትካ ጽቡቕ ጌርና ከነገልግለካ ሓገዘና

ንሕና ብቐጻሊ ከነመሓይሽ ንጽዕር ኣለና። ዋላኳ ልዑል ጻዕሪታት እንተገበርና፡ ጸገማት ግን ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ እቶም እትረኽቦም ዘለኻ ሓገዛትን ኣገልግሎታትን ገለ ስከፋት ወይድማ ጥርዓን እንተሎካ፡ ክንሰምዓካ ድሉዋት ኢና።

## DDA ኣበይ እዩ ዝርከብ?




**ክሊ. 1**
**1-800-462-0624**
TTY (509) 568-3038
1611 W. Indiana Ave.
Spokane, WA 99205-4221
**ተሌፎን** (509) 329-2900

**ክሊ. 2**
**1-800-788-2053**
TTY (360) 714-5002
840 N. Broadway
Bldg. A., Suite 100
Everett, WA 98201-1288
**ተሌፎን** (425) 339-4833

**ክሊ. 3**
**1-800-248-0949**
TTY (253) 572-7381
1305 Tacoma Ave. S.
Suite 300
Tacoma, WA 98402
**ተሌፎን** (253) 404-5500

**ክሊ. 1**
**1-800-822-7840**
TTY (509) 454-4321
3700 Fruitvale Blvd.
Suite 200
Yakima, WA 98909-2500
**ተሌፎን** (509) 225-4620

**ክሊ. 2**
**1-800-314-3296**
TTY (206) 720-3325
1700 E. Cherry St. #200
Seattle, WA 98122
**ተሌፎን** (206) 568- 5700

**ክሊ. 3**
**1-800-339-8227**
TTY (360) 586-4719
Point Plaza East
Bldg. 2, 3rd Floor
6860 Capitol Blvd. SE
Olympia, WA 98504-5315
**ተሌፎን** (360) 725-4250

Washington State Department of Social & Health Services
*Transforming lives*

DSHS 22-1113 TI (Rev. 10/17) Tigrigna

# ፖሊሲ ናይ ዓሚል ጥርዓን

ሓሳባትካ ክንሰምዕ ንደሊ ኢና።



Washington State Department of Social & Health Services
*Transforming lives*

## DDA እንታይ ዓይነት ጥርዓናት እዩ ክፈትሓለይ?

ምሕደራ ዕቤታዊ ስንክልና (DDA) ብዛዕባ እቶም ኣገልግሎታትን ብዛዕባ እቶም ንዓኻ ወይ ንናይ ቤተ-ሰብካ ኣባል ኣገልግሎት ዝህቡ ሰራሕተኛታት ንእተቐርበ ጥርዓን ፍታሕ ክናድዩልካ እዮም።

ጥርዓናት ብኻልእ ሰብ ክረኣዩ ሕቶ ክሳዕ ዘይቀረበ መጀመሪያ ናብ ሓላፊ ሃብቲ ጉዳይ/ማሕበራዊ ሰራሕተኛ እዮም ዘለኣኹ።

### ጥርዓን እንሎካ ክትገብሮ ዝግበኣካ ነገራት

1. ናብ ሓላፊ ሃብቲ ጉዳይ/ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ደውል ካብኡ ጥርዓን ክተቕርብ ከም ዝደለኻ ንገሮም።
2. ሓላፊ ጉዳይካ/ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክሕግዘካ እንድሕር ዘይኽእል፡ እቲ ኮብራሪ ከም ዝሕግዘካ ክገብር እዩ።
3. እቲ ኮብራሪ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ንስክፍታኻ ፍታሕ እንድሕር ዘይሂቡካ፡ ስሩዕ ጥርዓን ክትገብር ትደሊ እንተኾንካ ክሓቱኻ እዮም።
4. ስሩዕ ጥርዓን ንምቕራብ፡ እቲ ኮብራሪ ነቲ ናይ ቤት-ጽሕፈት ምሕደራ ክሊ DDA ክትረኽቦ ክሕግዘካ እዩ።

### ኣድልዎ ዘይምፍጻም

ዝኾነ ሰብ (ኣብ ስራሕ ወይ ኣገልግሎት) ብምኽንያት ዘርኡ፡ ሕብሪ ቆርበቱ፡ እምነቱ፡ ሃይማኖቱ፡ ብሄራዊ መበቆሉ፡ ወሲባዊ ዝንባለኡ፡ ዕድሜኡ፡ ጾታኡ፡ ናይ ሰንሰሪ፡ ኣእምሮኣዊ ወይድማ ኣካላዊ ስንክልናኡ፡ ስንኩል ብምኳኑ ስንኩል ሰብ ዝመርሕ ዕሉም ከልቢ ወይድማ ኣገልጋሊ እንስሳ ብምጥቃ፡ ወይድማ ጥሮተኛ ብምኳኑ ኣድልዎ ክፍጸሞ ከም ዘይግባእ ናይ DSHS ፖሊሲ የርኢ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ እዚ ዝስዕብ
መርበብ ሓበሬታ **DDA** ተወከስ:

**www.dshs.wa.gov/dda**

## ስሩዕ ናይ ጥርዓን መስርሕ

1. ናብ ቤት-ጽሕፈት ክሊ DDA ክትድውል ወይድማ ናይ ጽሑፍ ሕቶ ክትሰድድ እንክሎኻ፡ እቲ ክሕግዘካ ዝተመደበልካ ሰብ ብዛዕባ ጥርዓንካ ክዘራርበካ እዩ።
2. እቲ ዝተመደበልካ ሰብ ንጥርዓንካ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ፍታሕ ክህበካ እንተ ዘይክኢሉ፡ ጥርዓንካ ንናይ መወዳእታ ፍታሕ ናብ ዋና ቤት-ጽሕፈት DDA ክለኣኽልካ ትደሊ ዲኻ ክብል ክሓተካ እዩ።
3. ጥርዓንካ ናብ ዋና ቤት-ጽሕፈት DDA ንምልኣኽ፡ ወይ እቲ ክሊ ነቲ ሓበሬታ ናብ ቤት-ጽሕፈት ጽፉፋት ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ክልእኾ እዩ፡ ወይድማ ባዕልኻ ብቐጥታ ክትድውል ኢኻ።
4. ቤት-ጽሕፈት ጽፉፋት ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ስክፉታትካ ክግምግሞ፡ ውሳነ ክሕልፍ፡ ከምኡድማ ናይ መወዳእታ ውሳነኡ ክፍልጠካ እዩ።

እቲ ክፍሊ ናይ ማሕበራዊን ጥዕናን ኣገልግሎታት ብእንኮ ተልእኾ ዝጥመሩ ብዙሓት ምሕደራታት ይሓቁፍ: እቲ ተልእኾ ከኣ ህይወት ሰባት ምምሕያሽ እዩ። ከምኡ ንምግባር፡ ናይቲ ኤጀንሲ ምሕደራ ዕቤታዊ ስንክልና ሰባት ዝደልዩዎ ዓይነት መባብሮ ምእንታን ክነብሩ ሓገዝ ኣብ ምሃብን ምትሕብባር ኣብ ምሕያልን ትኹረት ጌሩ ይሰርሕ።

## ስክፍታታትካ እተፍልጠሎም ካልኦት መንገዲታት እውን ኣለዉ

- ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ወይ ድኹም ሰብ ምዝመዛ፡ ዕሽሽታ ወይድማ ፋናንሳዊ ምዝመዛ ይፍጸም ኣሎ ዝብል ጥርጣረ እንድሕር ኣሎካ፡ ሽዕኡ ብ 1-866-363-4276 (1-866-END-HARM) ደውል ካብኡ ሓበሬታኻ ናብቲ ዝምልከቶ ሰራሕተኛ ክሰደድ እዩ።
- ብዛዕባ ነርሲንግ ሆም ጥርዓን እንድሕር ኣሎካ፡ ናብቲ ክፍሊ ፈታሒ ጥርዓን ብ 1-800-562-6078 ደውል።
- ብዛዕባ ገዛ ናይ ዓብዪ ሰብ ስድራ (adult family home)፣ ሓገዝ ዝግበረሉ መንበሪ ወይድማ ናይ ጉጅ ገዛ (assisted living or group home) ጥርዓን እንድሕር ኣሎካ፡ ናብቲ ናይ ነዊሕ ግዜ ክንክን ተሓላቒ ፍትሒ ብ 1-800-562-6028 ደውል።
- ብዛዕባ ናይ DDA መንበሪ ማእከል (RHC) ወይድማ ብዛዕባ ብመንግስቲ ዝመሓደሩ ናይ መንበሪ ኣማራጺታት (SOLA) ጥርዕና እንድሕር ኣሎካ፡ ናብ ዞባዊ በት-ጽሕፈት DDA ክትድውል ትኽእል ኢኻ።
- ብዛዕባ ናይ ጥዕና ሓበሬታኻ ኣሕሊፉ ዝህብ ሰብ ጥርዓን ከተቕርብ እንተደሊኻ፡ ነዚ ዝስዕብ ኣዘራርብ:

DSHS Privacy Officer
Office of the Secretary
PO Box 45115
Olympia WA 98504-5115

